ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ
ንማሕበራዊ ዕርቕን፣ ፍትሕን፣ ንምዕቓብ ከባቢን
حركة الخضر الارترية
من أجل السلم الأهلي، العدالة والحفاظ على البيئة
Eritrean Green movement
For Social Reconciliation, Justice
and Ecological wisdom

## ሾመንተ መጋቢት መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፣

እዛ ዓለምና ጓል ኣንስተይቲ ዘይብላ ክትህሉ ዘይኮነ ክትሕለም እውን ኣይትካኣልን ኢያ። ንሳ ምንጪ ህላውየናን፣ ሂወትናን፣ ባህልናን፣ እምነትናን፣ ታሕጓስናን፣ ሓዘናን፣ ፍቕርናን፣ ተስፋናን፣ ኢያ። ብሃገር ደረጃ ድማ ምንጪ፣ ሃገራውነትናን፣ ሓርበኝነትናን፣ ሓድነትናን፣ ዕርቕን፣ ፍትሕን፣ ኢያ። ንሳ ብርሃን ስድራን ሃገርን ኢያ። ብርሃን ዘይብሉ ሕብረተሰብ ንቕድሚት ክስጉም ኣይክእልን ኢዩ። ብልጽግና፣ ሃብቲ፣ ፍቕሪ፣ ስኒት፣ ኩሉ ካብኣ ኢዩ ዝፍልፍል። ምንጪ ሂወት፣ ምንጪ ብርሃን፣ ከም ዝኾነት ባህልና ዓው ኢሉ ይዛረበላን ይጣበቐላን። ኣብ ሕብረተሰብና ቦታኣ ጓል ኣንስተይቲ ዝኾነ ክትክኦ ዘይክእል፣ ዓንዲ ማእከል ከም ዝኾነ ይኣምነሉ። ዓቢ ሓላፍነትን፣ ዓቢ ተልእኾን፣ ዘለዋ ጌይሩ ድማ የቐምጣን የኽብራን። ኣደ ኣምላኽን፣ ኣደ ነበያትን፣ ርሕርሕትን፣ ትዕቢትን፣ ጽልእን፣ ቅርሕትን ባህርያት ዘይብላ ይብላ። ኣብ ሕብረተሰብና ድማ በዚ ምኽንያት ንዕርቒ፣ ንፍቕርን ንሓድነትን በጃ ትኸውን ጸኒሓ።

ነዚኣ ክብርቲ ፍጥረት፣ ናይ ህላውየና ውሕሰንት ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ብትምክሕቲ ወዲ ተባዕታይ ከይትልወን፣ ከይትዕጸፍን፣ ባህልና ይከላኸለላ ኢዩ። ክምዕብልን ክንጸግን ዝግብኦ ማሕለኻታት ከም ዘሎ ርዱእ ኮይኑ፣ ንቓልሲ ዝሕደግ ኢዩ።

ኣብ ሰውራና ዝነበራ ግደን ተወፋይነትን በዚ ጽሑፍ ክንገር ዘይከኣል ኮይኑ፣ ብሓጺሩ ግን እታ ንዘይከኣል ከም ዝከኣል ዝገበረት፣ ንትምክሕቲ ሰብኣይን፣ ንመግዛእትታት በብሓደ ዝሰዓረትን፣ ንኣሕዋታ ስቓይን፣ ቃንዛን፣ ሞትን፣ ሽግርን ሰጊርካ ዓወት ከም ዝርከብ ዘምሃረት ሓርበኛ ኢያ። ኣደን ሓርበኛን ኮይና ብጅግንነት፣ ብተጻዋርነትን ነቲ ጽንኩር ግዜ ቃልሲ ሰጊራ ምስ ኣሕዋታ ንህዝባ ዓወት ነጻነት ዝደረረት ኢያ።

ድሕሪ እዚ ኩሉ ስቓይን መከራን ግን ጻምኣ ኣይረኸበትን። ክሓልፍ ኢዩ ኢላ ስና ነኺሳ፣ ንኻልኦት ስኖም ክነኽሱ ዝገበረት፣ መልኣኽ ጽንዓትን ፍቕርን፣ ካብ ኸርሳ ዝወጽኤ ኪሒዳ፣ ተኻሒዳ፣ ተረጊጻን፣ ተደቊሳን ትነብር ኣላ። ግደፍ መሰልን ማዕርነትን ክትረክብ ኣብ'ታ ብቓልሳ፣ ብቕልጽማ፣ ዝረኸበታ ሃገራ፣ ብሰላም፣ ክትነብር እኳ ኣይከኣለትን። ደቓ ብጃምላ ይሞቱ፣ ብጃምላ ይስደዱ፣ ንሳ ካልኣይ ዜጋ ተቖጺራ፣ ኣብ ኢድ መንግስቲ ተማዕዱ ኣላ።

እወ፣ ድሕሪ ነጻነት እፎይ ኢላ ኣየዕረፈትን፣ ንኹሎም ደቓ ኣይጠርነፈትን፣ ባይቶ ደቓ ኣይረኣየትን፣ ሕግን ፍትሕን ኣይረኸበትን ዝገደደ ድኽነት፣ ጥሜት፣ ሕማም፣ ኲናት፣ ሽላማታ ኮይኖም ኣለዉ። ጸሊም ኪዳን ዳርጋ ባህላዊ ኪዳና ኮይኑ ኣሎ። ነዚ ኹሉ ወጽዓን ጭቖናን ግን ሕጂ'ውን ከም ትማሊ ትቓለሶ ኣላ። ንሳ ስለ ትጭክን ዘላ ድማ እዚ ፋሺሽታዊ መንግስቲ ዝሕዞ ይጠልሞ፣ ዝወጠኖ ይፈርሶ፣ ዝመደቦ ኣይቐንየን ኣሎ። ዳግማይ ዓወት ክተበስር ድማ ከይተሓለለት ዓው ከይበለት ትቓለስን ትጽልን ትጸውምን ኣላ። ኣምላኽ ድማ ምስ ዉጹዓት እዩ፣ ክትዕወት ኢያ። ንዝህባ ድማ ምስ ኣሕዋታ ኮይና ዓወት ክትምግቦ ኢያ።

እዚ ዓወት እዚ ግን ከይስረኞን ከም'ቲ ቅድም ዝተጠልፈ ከይጥለፍን፣ ሓዲስ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ፖሎቲካን፣ ባህላዊ ምጥርናፍ ሕብረተሰብን፣ እቶም ኣዕኑድ ባህላዊ ራኢታት ባህልናን ካብ ሎሚ ክተኣታተዉ፣ ድማጻ ክተስሚዕ ኣለዋ። ጽባሕ ሃበኒ ኢልካ ትልምኖንን፣ ክገብረልካ ናብኡ ተማዕድዎን፣ ኣገባብ ኣመሓድራ ፖሎቲካ ተሪፉ፣ ካብ ኢድካን ካብ ትሕዝቶ ቑጠባኻን ዝበገስ፣ ንምሬትካን ንባህልኻን ንእምነትካን ብኢድካን ብባይቶኻን ተማሕድሮ፣ ፖሎቲካ ኣምር ክትክል

*ዳግማይ ጻዕርን መስዋእትን ከም ዝጽበየና ንኹልና ብሩህ ኢዩ። መዓልቲ ደቕንስትዮ ሽትኡ ክወቕዕ ግደ ኩሉ ዉጹዕ ምኻኑ ከይንዝንግዕ እናኣዘኻኸርና ኣብ ቓልሲ የራኽበና ንብል።*

Greeneritreans@gmail.com

**ኣምላኽ ንቓልስና ይሓግዘና፣ ንሃገርና ይባርኻ፣ ንኡሱራትና ጽንዓትን ጥዕናን የውርደሎም። ኣሜን።**